ምስ ልምሰት አካላት ምንባር

# ፍሒኛ ኣታሓሕዛ



CHRISTOPHER & DANA REEVE FOUNDATION
TODAY'S CARE. TOMORROW'S CURE.®

ትካል ክስቶፈር ዳና ሪቭ

**636** ሞሪስ ተርንፓይክ ስዊት **3** ኤ
ሾርጽት ሂልስ ኤን ጄ **07078**
**(800) 539-7309** ነፃ ስልኪ
**(973) 467-8270** ስልኪ ቁ
**ChristopherReeve.org**

ምስ ልምሰት አካላት ምንባር

# ፍሒኛ
# ኣታሓሕዛ

CHRISTOPHER & DANA REEVE FOUNDATION
TODAY'S CARE. TOMORROW'S CURE.®

# ብዛዕባ ፍሒኛኻ ክንዕልል ንኽእል ዲና?

***ንመብዛሕቲኣም ሰባት ማዓስ፣ ናበይን ከመይ ገይርካ ኢኻ ትኻይድ ዝብሉ ጉዳያት ብዙሕ ኣቕልቦ ዝዋቦም ወይ ክተሓዙ ዘለዎም ጉዳያት ኣይኮኑን፡፡ ጉድኣት ስፓይናል ኮርድ ምስገጠመካ፤ኩሉ ነገር ይቅየር እዩ፡፡***

ናይ ስፓይናል ኮርድ ጉድኣት ዘጋጣሞም ሰባት ዝኾነ ዓይነት ፍሒኛ ወይ ኮላ ፀገም ስርዓት ሽንቲ ከጋጥሞም ልሙድ እዩ ምኽንያት ድማ ኣብ ንዩ ስፓይናል ኮርድ ነርቪ ጉድኣት ስለዘጋጥሞም እዩ (ስእሊ.ታት ረኣ)፡፡ እዚ ኣቶም ነርብታት ከኣ ኣብ ትሕቲ ሳክራል ስፓይን ስለዝረከቡ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ኤስ2- ኤስ 4 ጉድኣት ዘስዕቡ ቁስሊ.ታት ኣብ ኣስራርሓ ስርዓት ሽንቲ ፅቕጢ ናይ ምፍጣር ዕድሎም ክፍ ዝበለ እዩ፡፡ ኣብ ሞንሎ ሓንጎልን ፍሒኛን ዝርከብ ልሙድ ዝኾነ ርከብ ይመዛባዕ - ሓለሓሊፍ ከኣ ውሉእ ብሙሉእ ይቋረፅ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ፍሒኛ ንሓንጎል መሊኣ ኣለኹ ኢሉ ክነግሮ ኣይክእልን/ ሓንጎል ከኣ ነፍሒኛ ክትሰይ ኣለካ ኢሉ ክነግሮ ኣይክእልን ማለት እዩ፡፡

> *ፅቡቕ ዝኾነ ትልሚ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ ስራሕቱ ብኣግባቡ ዝዋፃእ ናሽንቲ መዕቆሪክህልው ወሳኑ ተራ ይፃወት እዩ ማለት እዩ፡፡ እዚ ኣታሓሕኣ ከኣ ከቡድ ዝኾመ ኢንፌክሽን ከይ ህልውን ሂወትና ንሓደጋ ዘቃልዕ ፀገማት ኩሊት ንዝብሉ ዝሓቖፈ እዩ፡፡*

ንዓሰርታት ዓመታት ፀገማት ስርዓት ሽንቲን መራብሒ ኣካል ብፍላይ ከኣ ብኤንፌክሽናት ምጥቃዕን ክትሽይን ዘይምኾ ኣል ድድሕር ማህረምቲ ስዒቡ ዝመፅእ ቁፅሪ ምኽንያት ሞት እዩ፡፡ በተወሳኺ ኣካላቶም ዝለመሱ ወልቀስባት ንሕክምና ናብ ሆስቲል ደጋጊሞም ንኽ ኣትው ምኽንያት ዝኾነ ፀገም እዩ፡፡ ግድማ ከም ፅቡቕ ዕድል ነዚ ኩነታት ንምምሕያሽ ክንክን ምግባር ክቕፅል ኣለዎ በዚ ከኣ ፀገማት ፍሒኛ ሽንቲ ድድሕር ኣጋጣሚ ምልማስ ኣካላት ስዒቡ ዝመፅእ ቀደማይ ምኽንያት ሞት ኮይኑ ኣይቅፅልን፡፡ ሒወት ንምድሓን ጥዑይ ስርዓት ሽንቲ ክህለውና ከምዘሎ ምስክር እዩ፡፡

ቀዳማይ ዓላመ ትልማ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ ካብ ኢንፌክሽን ነፃ ኮይንካ ንምፅናሕን ኣካላት ስርዓት ሽንቲ ካብ ጉድኣት ምሕላው፣ ኣብ ልዕሊ ዕድራ ቤት ስራሕን ማሕበራዊ መነባብሮን ፅልዋ፣ ኣሕድሩ ሓዳጋታት ምውጋድን ደረጃኡ ዝሓለው መነባብሮን ስነልቦናዊ ፅባቕ ክህልወና ምግባር እዩ፡፡ እዚ ከኣ እተዋደደ ሓለዋ ፅሬት ነብሲን ከባቢን፣ ኣታሓሕዛ ፈሳሲን ብመሰረት ሜላ መነባብሮ ውልቀሰባት ብቑዕ ዝኾነ፣ ድሕንነቱ ዝተሓ ኩነታት ፍሒኛ ጥርሑ ዝኾነሉ ስርዓት የድልዩ እዩ፡፡

ምኽንያት ድማ ኣብ ልዕለ ሰፓይናል ኮርድ ዝወርድ ጉድኣት ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ሰባት ከከም ኩነታቱ ብዝተፈላለየ መልክዕ ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡ ኣሰራርሓ ፍሒኛ ንምቁፅፃር ንኹሉ ስብ ማዕራ ዝጠቅም ምሩፅ ዝባሃለ ሜላ ኣታሓሕዛ የለን፡፡ ሕድሕድ ሰብ (ምስ ኣባላት ጉጅላ ክንክን ሕክምንኡ ብምት ሕብባር) ብውልቁ ዝርሓሉ ኣዝዩ ፅቡቕ ኣስራርሓ ክማህርን ብኡ ከኣ ጉቡእ ዝኾነ ትልሚ ክሕንፅ ኣለዎ፡፡ ከመጠን ውፅኢታዊ ትልሚ ብመጠን ዝርዝርኩ ኩነታት እቲ ጉድኣት፣ ብርኪ ብቕዓት ኣተገባብራ፣ ሜላ መነባ ብሮን ምንቅስቓሳትን ብርኪን ብቕዓት ደሓገዘዝ ክንክን ዝውሰን እዩ፡፡

# ማውጫ ትሕዝቶ


1 ስርጫት ሽንቲ ኣማልእ

1 ድሕረ - ኢስሲኣይ እንታይ ተፈጠረ?

2 ድሕረ - ኤስሲኣይ ኩነታት ፍሒኛ

3 ዝሰርሕ ሰርዓት ምፍጣር

4 ብርኪ ዝርከቡ ኣማራፂታት ኣታሓሕዛ ፍሒኛ

5 ፀገማት ዩቲ ክኾኑ ይኽእሉ ተባሂሎም ዝግመቱ

7 ሕማም ከይጋደድ ምክልኻል


8 ዘለውና መፍትሒታት

## ሰርዓት ሽንትኻ ኣማልእ

መዘብዛሕቲኦም ሰባት ነቲ ቀሊል ዝባሃል ኣሰዳድዳ ሽንቲ ክህልው ብዛዕባ ዝገብሩ ኩነታት ነርቭን ጭወዳን ብዙሕ ኣይግደሱን። ኮይኑ ግና ደቂሰብ ርስሕያት ዝሓዙ ደማት ካብ ውሽጢ ነብስና ዝውገዱሉ ዘሰዶምም ስርዓት ብነዊሕ ከይሉ ኣጥርዩም እዩም።

ኩሊታትና ደምና ኣፃርዩም እቲ ርስሕያት ብምውፃእ ሽንቲ የመንጭው። እቲ ዝመንጨወ ሽንቲ ኮኣ (ልስሉስ ካብ ዝኾነ ጭዋድ ብዘላዎም) ዩሬተርስ ዝባሃሉ ቱቦታት ኣቢሙ ናብ ተሪር ካብ ዝኾነ ስጋ ዝተሰርሓን ፍሒኛ እናተካሃለ ዝፅዋዕ መዕቖሪ ሽንቲ ይሓልፍ። እቲ ፍሒኛ ምስ መለኣ፣ መልእኽቲ ናብ ሓንጎልና ይሰድድ፤ ሓንጎልና ከኣ ሽንቲ ኣብ ውሽጢ ፍሒኛ ክፀንሕ ዝገብር መኽደኒ ፍሒኛ ክፈታሕን ገዳግዳ ፍሒኛ እናተፀሞቐ ከወፅእ ዝገብር ጭዋዳታት ክፅሞቕን ካብ ፍሒኛ ይወፅእ ማለት እዩ። ሽንቲ ካብ ፍሒኛ ንዳገ ዝፈሰሰ ብዩሬተራ ሓሊፍ እዩ።


**ሰርዓት ሽንቲ ወደሰብ**




## ድድሕር ኤስሲኣይ እንታይ ተፈጠረ?

ኣብ ልዕሊ ስፓይናል ኮርድ ዝወርድ ጉድኣት ብዝተፈላለየ መልክዕ ኣብ ምንጎ ነርቭን ስርዓት ሽንቲ ዘሎ ርክብ ከቋረፅ ዝኽእል ኮይኑ ዝተፈላለዩ ሳዕቤቶች ክህልዎ ይኽእል።

- ኣብ ግድግዳ ፍሒኛ ካብ ዝርከቡ ተቐበልቲ መልእኽቲ «ስትሬች ሪሴፕተርስ» ዝመፁ መልእኽትታት ምኺያድ ኣብ ዘድ ለየሉ እዋን ንሓንጎልና መልእኽቲ ዘብፅሑ ኮይናም እዚ መልእኽቲ ይቋረፅ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ከኣ sከይተፈለጠና ፍሒኛና ብዙይሰሩዕ መንገዲ ጥርሑ ይተርፍ ማለት እዩ።።።
- ካብ ስንይናል ኮርድ ናብ ፍሒኛ ዝመፁ መልኽቲ ይቋረፁ። በዚ ድማ ጭዋዳታት ፍሒኛ ዝሸምረሩሉን ጭዋዳ መኽዳኒ ፍሒኛ ዝኸፈተሉ እዋንጀ ከይፍለጥ ይገብር። እዚ ከኣ ሽንቲ ውሉእ ብውሉእ ካብ ፍሒኛ ከይወፅእ ይገብር እዩ።



## ድሕረ - ኤስሲኣይ ኩነታት ፍሒኛ

ጉድኣት ስፓይናል ኮርድ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰባት ዘሕድሮ ፅልዋ ዝተፈላለየ እዩ፤ ፀገም ምልማስ ነብሲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ሽንቲ ዘስዕቦም ፅልዋታት ይፈላለዩ እዮም። ገለ ገለ እዚኣቶም ፅልዋታት ከኣ ከከም ኩም ብርኪን ዓይነት ጉድኣት ስፓይናል ኮርድ ዝውሰኑ እዮም።

ጥዕና ኩሊቲ ቀዳማይ ጠመተ ዝዋሃቦ እዩ። ልዕሊ ዓቐን ኣብ ፍሒኛ ዝተቐመጠ ሽንጺ ወይኮኣ ብኣግባቡ ዘይሶርሕ ሽንቲ ናብ ኩሊትና ክምለሰ ይኽእል። እዚ ኩነታት ከኣ ሪፍለክስ ይግሃል። *እዚ ንኩሊታትና*ከጥፋእ ዝኽእል ኮይኑ ስርዓት ምፍሳስ ሽንቲ ካብ ጥቕሚ ወፃእ ዝገብር ሓደጋ ክስዕብ ይኽእል።

ኒውሮጂኒክ ፍሒኛ ***ዝብል ቃል ሓለሓሊፍ*** ብስንኪ ምልማስ ነብሲ ንዝመፅእ ሕማም ኣወጋግዳ ሽንጺ ንምግላፅ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል እዩ። ኒውሮጀኒክ ፍሒኛ መብዛሕቲኡ እዋን ፀገም ዘጋጥሞ ብሓደ ወይ ከኣ ብክልተ መንገዲ እዩ፤ ***ንሳቶም ድማ*** ምስፋሕ ***ፍሒኛን ምሽምራር*** *ፍሒኛ ተባሂሎም ይፍለጡ።.* ሉሕሉሕ (ሪፍሌክስ ፍሒኛ ወይኮኣ ኣዝዩ ንቑሕ ዝኾነ ፍሒኛ) ዝባሃል እቲ ሽንቲ ዝመለኣ ፍሒኛ ክይተፈለጠናን ብዘይቅድመ መጠንቀቕታ ላሕሊሑ ሽንት ሰዲዱ ጥርሑ ክተርፍ ከሎ እዩ። መብዛሕቲኡ እዋን ኣብ ብርኪ ቲ 12 ወይካኣ ልዕሊኡ ዘለው ጉድኣታት እዩ። ብተነፃፃሪ ዝተሸኹረረ ፍሒኛ (ነን ርፍሌክስ ወይ ካኣ ፍሎፒ ፍሒኛ እናተባሃለ ዝፅዋዕ ኮይኑ) እቲ ክሽምረር ዝግብኣ ግድግዳ ፍሒኛ ክይተሸመረረ ምስተረፈን ፍሒኛ ውሉእ በሙሉእ ጥረሑ ክይኮነ ምስተረፈ ፍሒኛና ብኢንፌክሽን ናይ ምጣቃዕ ዕድሉ ክፍ ክብል የገብሮ። ዝናፈስ ፍሒኛ ዝኸስት ብፍላይ ትሕቲቲ 12 ብዝኾኑ ጉድኣታት እዩ።

ኣብ ኣፍ ፍሒኛና ዝርከብ መኽደኒ ጭዋዳ ምስ ምሽምራር ጭዋዳ ግድግዳ ፍሒኛ ተታሒዙ ምስ ላሕለሓ (ዲይሲነርጂያ እናተባሃለ ዝፍለጥ ኩነታት ***ማለት እዩ***), ሽንት (***ናብ ኩሊትና ይምለስ***) እዚ ኩነታት ድማ ናብ ዝኾፈኣ ፀገም ስርዓት ሽንቲ የምርሕ ማለት እዩ።

ኣብ ገለገለሰባት ብፍላይ ድማ ቲ 6/7 ወይኮኣ ልዕሊኡ ዝኾነ ጉኣዐት ዘለዎመ ሰባት ***ዳይሰርፍሌክሲያ*** (ኤዲ) ክፍጠር ይክእል። ኣብ ልዕሊ ፍሒኛ ዝተፈጥራ ፀቕጢ ኣዝዩ ክፍ ምስበል ንሓደጋ ነብስኻ ምስሓት የስዕብ እዚ ፀገም ሂወት በዚ ዝተጠቐዐ ሰብ ክበላሸው ይገብር። ዋላ ቀሊል ዝባሃል ከምዚ ዓይነት ፀገም ነዚ ሓደጋ ክቃልዕ ይኽእል። ኣውቶማቲክ ዳይስረፍሌክሲያ ንዘይልሙድ ኾኾነ ከቢድ ሕማም ደም በዝሒ የቃልዕ እዚ ከኣ (ካብ እቲ ልሙድ ዝኾነ ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ነጥቢ ድፍኢት ደም ብ20-30 ነጥቢ ክፍ ክብል ይገብሮ ማለት እዩ)። እዚ ከኣ ሒወትና ንሓደጋ ክቃለልዕ ዝኽእል ኮይኑ ሕማም ነብስኻ ምስሓት ወይ ከኣ ሰይዥር ዘቃልዕ ኮይኑ ዋላ ቀሊል ዝኾነን በዚ ከምዚ ዓይነት ሕማም ዝተጠቐዐ ሰብ ኩል ግዜ ጉዱ ኣብ ሓደጋ ዘንጠልጠለ ኮይኑ ይነብር ማለት እዩ።

> *ብዛዕባ ውልቃዊ ዳይስሪፍሌክሲና ንምፍላጥ ዝሕግዝ ሓበሬታ ካብ ክሪስቶፈር ዳና ሬቭ ፋውንዴሽን ይርከብ። ቅዳሓት ኤዲ (ዋሌት ካርድ) ሓበሬታ ኮኣ ኦንላይን ስለዝርከብ ኣውሪድካ ክትርእዩ ትኽእል ወይኮኣ ብላስቲክ ዝተዓሸገ ቅዳሕ ናብ ምልማስ ሪሶርስ ማእኸል ብሲቁ **800-539-7309** ደዊልካ ነቲ ክኢላ ሓበሬታ ኣዘሪሪብካ ክትረከብ ትኽእል።*

## ዝሰርሑ ሰርዓታት ምርካብ

ኣብ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ እቲ ዝዓበየ ዝባሃል ስጉምቲ እኹል ፈሳሲ ምውሳድ እዩ፣ በበዝተወሰነ እዋን ምሻንን፣ ሽንቲ ሙሉእ ብሙሉው ምውፅኡ ምርግጋፅ፡፡

ብዝኽኣለ መጠን ልክዕ ከምጥዑይ ሰብ እናሰራሕኻን እናተፃወትካ ጥዑይ ሂወት እናመራሕኻ ሓደጋታት ኢንፌክሽንን ሕማም ዝቕንስ ስርዓት ናይ ምፍጣር ሽቶ ኣብ ፍሒኛ ዝወረዱ ሓደጋታት ምውጋድ እዩ «ሓድሽ ጥዑይ ሰብ»፡፡ ሐደ ሰብ ደረጃኡ ዝሓለወ ናብራ ኣብ ዝመርፀሉ ሰርዓት ኣብ ግምት ዝኣትው ነገራት ቀሊል ኣጠቓቕማ፣ ምቾት፣ ውሳነ ውሃባይነትን ሰነልቦናዊ ድሕንነት ንዝብሉ ጉዳያት ይሓውስ፡፡

ምኽንያት ድማ ዝኾኑ ክልተ ዓይነታት ጉድኣታት ፈፃሞም ሓደ ዓይነት ክኾኑ ኣይኮእሉን፡፡ ስለዚ ስርዓት ኣታሓሕዛ ፍሒኛ ምእሳሾ ዓይነት እቲ ዝወረደ ጉድኣት፣ ካልኦት ግዳመዊ ክስተታት፣ ኩነታት ኣካላዊን ኣእምሮኣዊ ብቕዓት እቲ ውልቀሰብ፣ ነቲ ውልቀሰብ ከንኮን ዝገብሩ ክኢላ ኣባለች እቲ ውልቀሰብ ኣብ ትምህርቲ፣ ስራሕን ማሕበራዊ ምንቀስቓሳት ዘለዎ ኣራኣእያ ንዝብሉ ኩነታት ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ምኽንያታት ክህልው ኣለዎም፡፡

> *ነርሲ ሊንዳ*... ኣብ ስፓይናል ኮርድ ጉድኣት ምስወረደ ፍሒኛና ንምቁፅፃር ንኩሉ ሰብ ሓደ ዓይነት ፅቢቕ ዝባሃል ሜላ የለን ትብል፡፡ ምስ መነባብሮኻ ዝኸይድ ሜላ ኣታሓሕዛ ንምምራፅ ዝተፈላለዩ ሜላ ኣታሓሕዛታት ኪድልየካ የኽእል እዩ፡፡ ክትሸይን ከለኻ ኣበይ ከይነ እየ ዝሸይን ዘለኹ ኢልካ ሕሰብ ከብኡ ከኣ ንዓኻ ዝጠቅም ቦታ ፍጠር፡፡ ብዛዕባ ኩሎም ቦታታት ሕሰብ ማለት ካብ ገዛ ወፂኻ ክትሸንሎም ትኽእል ማለት እዩ፡፡ ብዝተኽኣለ መጠን ነቲ ኸይዲ ከመይ ገይርካ ኢኻ ቀሊል ትገብሮ ትኽእል? ብዝተኽኣለ መጠን ዝወሓደ ዕድል ሓደጋ ብክለት ኣብ ዘለዎ ኩነታት ትገብሮ ከምዘኻ ክህልው ትደልዩ ነገር እንታይ እዩ? ብቐፃልነትን ልሙድ ግዜ ክትሸይን የድል የካምስ ዝብል ጎና ጎኒ ጉቡእ ዝኾነ ሰደቓን መንቅስቓሳትካ ከመይ ገይርካ ኢኻተጠዓዕም? ጥዕናኻ ናብ ዝነበረሉ ኩነታት መሊስካ ከምብሓድሽንምንባር ገለ ቁሩብ ፃዕሪ ምግባርን ትልሚ ምውፃእን ገለ ፈተነ ምግባር የድልዩ እዩ፡፡*

** ሊንዳ ሽሉዝ ነርስ መምህርት ኮይና ምስ ክሪስቶፈር ዳና ሪብ ኢያ ትሰርሕ፡፡*

## ቀዳማይ ብርኪ ዝርከቡ ኣማራፂታት ኣታሓሕዛ ፍሒኛ

***ኣብ ልዕሊ ስፓይናል ኮርድ ጉድኣት ምስወረዳን ስርዑ ስርዓት ኣሸያይና ምስተረፈ ካቴተር ተጠቒምካ ምሻን*** (ኣይሲ) እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዝባሃል ሜላ ኣወጋግዳ ሽንቲ እዩ፡፡ ካቴተር ናብ ዩሬትራ ኣትዩ ፍሒኛና በቢዝ ተወሰነ እዋን ካብሽንቲ ነፃ ንምግባር ንጠቀመሉ ሜላ እዩ በቢ ካብ 4 ክሳብ 6 ሰዓታት እና ኣተው ይወፅእ፡ ፡ ጥንቃቐ ዘለዎ ክትትል ኣወሳሰዳ ፈሳሲ ተታሒዙ ነዚ ኣጠቓቕማ ካቴተር ሓሊኻ ምኺያድ ፍሒኛ ኣዝዩ ከመዘይመለዘኣ ንምርግ ጋፅ ዝሕግዝ ኮይኑ ሽንት ናብ ኩሊት ተመሊሱ ሓደጋ ኛይ ሰርሖሎም ምስኮን ከኣ ካልኦት ኣማራፂታት ይፍትኑ፡፡ መብዛሕቲኦም ስፓይናል ኮርዶም ዝተጎደኡ ሰባት ሽንቶም ክቆፃፀሩ ስለዘይክእሉ ካቴተር ዝተባሃለ ላስቲኽ እናተጠቐምካ ትሸነሉ ካቴተር እናተጠቀሙ ምሻን ይጅምሩ፤ ብኡ ክቕፁሉ ድማ ይግደዱ ወይ ከኣ እንድኽር ደኣ ዘይጠዓሞም ካሊእ ኣማራፂ ይጥቀሙ ማለት እዩ፡፡

ኣብ እዚ እዋን ብዙሓት ዓይነታት ካቴተራት ኣለው፡፡ እዚኣቶም ድማ ንሓዳ እዋን ጥራሕ ዘገልግሉ ካቴተራት ከይኖም ሓንቲን ፅፌታ ዘይተሓለወ ከካቴተር ደጋገሚካ ብምጥቃም ከመፅእ ዝኽእል ሓደጋ ብክለት ዝቕንስ ካቴተር ምጥቃም ዝብል ይወስኽ፡፡ ቅብኣት ዘለዎም ካቴተራት ሓለሓሊፍ ሃይድሮፊሊክ ካቴተር እናተባሃለ ይፅዋዕ ቅብኣት ዘለዎ ከይኑ ናብ ***ዩሬትራ ምእታው***ቀሊል ክኸውን ይገብር፡፡ ኮይኔ ግና ዘሙለጭልጭ ስለዝኾነ በኢድካ ክትሕዞ ኣፀጋሚ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣዕዳዎም ነዝተጎድኡ ሰባት ኣዝዩ ኣፀጋሚ እዩ፡፡




ነባራይ ***ወይ ከኣ*** ፎሊ ***ካቴተር ብቐፃልነት*** ሽንቲ ካብ ፍሒኛ ንምውፅእ ኣብ ዩወትራ ኣትዩ ዝፀንሕ ካቴተር ኮይኑ እቲ ሽንቲ ምስ ደለኻ እና ፍስካ ናብ ትጥቀመሉ መዕቆሪ ሽነቲ ይውህለል ማለት እዩ፡ እዚ ኣማራፂ ማይ ከምልብኻ ክትወስድ ዕድል ዝህበካ ሜላ ኮይኑ በኻሊ ገጽ ድማ ዩሬተር ተጠቃሚ እዚ ሜላ ብኢንፌክሽን ናይምትሓዝ ዕድሉ ብተናፃፃሪ ክፍ ዝበለ እዩ፡፡



ሱፕራፑቢክ ***ካቴተር ኢንድዌሊንግ*** ዝዓይነቱ ካቲተር ኮይኑ (ብመጥባሕቲ ብዝተኸፈተ ነኺል)ንዩፊትራ ብምድዳፍ ኣብ ብከባቢ መሓወር ኣትዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል እዩ፡፡



ንኣወዳት ናይደገ ካቴተራት (ቴክዳስ ***ከቴተር ወይከኣ*** ኮንዶም ***ካቴተር***) እናተባሃለ ዝፅዋዕ ኣማራፂ ካቴተር ዘሎ ኮይኑ ምስ ናይደገ መዕቖሪ ሽንቲ ሓጢሩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል እዩ፡፡

***ሪፍሌክስ ቮይዲንግ*** ሜላ መውፅኢ ሽንቲ ኮይኑ ጥዑይ ዝኾነ ኣመላላኣ ፍሒኛ ኣብ ሓንደበታዊ ምሽምራር ፍሒኛ ዝትደረኾ ሜላ መወገዲ ሽንቲ እዩ። ሽንቲ ካብ ነብሰኻ ንምውፅእ ኣብ ከባቢ ፍሒኛኻ ዝርከብ ክፍለ ኣካልካ ብኢድካ ቀስ ኣቢልካ ምፅቃጥ ፍሒኛ ክሽምረር ስለዝበር ሽንቲ ክወፅእ ይሕግዝ። ከም ክሬድን ቫልሳለቫ ዓይነት ብኢድ ዝሰርሑ ናይ ቀደም ሜላታት መወገዲ ሽንቲ ብቐደም ሰዓብ ናይ ደገን ናይ ውሽጢ ድፍኢታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝገብር ኮኑ ሽንቲ ሙሉእ በሙሉእ ክወፅእ ዝሕግዝን ብሰንኪ ሓደጋ ምምላስ ሽንቲ ናብ ኩሊት ብዙሕ ግዜ ዝመዓድ ሜላ ኣይኮነን።

ፍሒኛ ክሰርሕ እንተየከኢሉ ንምሕካም ብርክት ዝብለኩ ሜላታት ሕክምና ምጥባሕቲ ኣላው።

- ስርዓት ***የሚትሮፋኖፍ*** ትርፊ መዓንጣ ተጠቒምካ ሓዲሽ መሕለፊ ሽንቲ ሓኒፁ እዩ። እዚ ካኣ ኣብ ከብድኻ ብመጥባሕቲ ኣቢሉ ብዝተኾፈተ ካቴተር ክኣቶ ክኣቱ ዝገብር ኮይኑ ንደቀስትዩን ኣእዳዎም ንዘይሰርሕ ሰባት ክጠቅም ይኽእልእ።
- ***ፍሒኛ ብጥባሕቲ*** ኣቢልካ ንምዕባይን ዓቕሚ ፍሒኛ ንምስፋሕን ዝንጠባጠብ ሽንቲ ከይህልውን ቁፅሪ ትጥቀመሉ ካቴተር ንምቕናስ ካብ መዓንጣና ቲሹ ወሲድካ ኣብ ጥቅሚ ዝውዕለሉ ኣገባብ እዩ።
- ***ኣሮስቶሚ*** ወይካኣ መፍሰሲ ሽንጺ ምቕያር ሽንጺ ካብ ፍሒኛ ከወፅእ ንምግባር ብመጥባሕቲ ነኺል ምውፃእ ማለት እዩ።
- ***ስፒነትሮቶሚ ስርዓት*** መጥባሕቲ ከይኑ ሽንቲ በቐሊሉ ካብ ፍሒኛ ክወፅእ ምእንታን ክሳድ ፍሒኛን ጭዋዳታት መኸደኒ ፍሐጂኛ ዘዳኽም እዩ። እዚ መጥባሕቲ ምስተገብረ ሽንቲ ከይተቆፃጠርካዩ ክመፅካ ዝገብርን ሽንቲ ኣብ ናይ ደገ መዕቐሩ ይውህለል።

## ፀገማት ዩቲ ክኾት ዝኾእሉ

ድኹም ዝኾነ ኣተሓሕዛ ፍሒኛ ንብዙሓት ኩሊታትን ፍሒኛታት ንሕማም ዘቃለዕ ኮይኑ ገለ ካብዚ ኦም ከኣ ኤንፌክሽን መሕለፊ ሽንቲ፣ ሴፐሲስ (ናይ ስራውርደም ኢንፌክሽን) ንሓለሐሊፍ ከኣ ኩሊት ካብ ጥቕሚ ወፃእ ክኸውን ይኽእል።

### *ኤንፌክሽናት መማሓላለፊ ሽንቲ*

ኣካላቶም ዝለመሱ ሰባት ብሓደጋ ኢንፌክሽን መማሓላለፊ ሽንቲ ዝንቓልዑ እዮም። ክሳብ 1950 እዚ ፀገም ድድሕር ምልማስ ነብሲ ቀዳማይ ቀታሊ ሕማም ነይሩ። መንቀል እቲ ኢንፌክሽን ባክተሪያ ኮይኖም ንሳቶም ከኣ ኣብ ነብስና ውሽጢ ዝነብሩን ሕምማ ከሰዕቡ ዝኽእሉ ብማይክሮስኮፕ ጥራሕ ዝራኣዩ በዓል ሓንቲ ዋህዬ ፍጥረታት እዮም።


ባክቴሪያ ካብ ቆርበትካ መመካሓለፊ ሽንቲና ናብ ፍሒኻ ብኣይሲ ከማሓለለፍ ይኽእሉ፣ ፎሊን ሱፐርፐቢክ ሜላታት ኣታሓሕዛ ፍሒኻ፡፡ ባክቴሪያ ኣብ ውሽጢ ፍሒኻና ኣብ ዝፀነሓ ሽንቲ ናይ ምፍራይ ዕድል ኣለዎ፡፡ ሽንቶም ካብ ፍሒኻእም ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ ዝወፅእ ክሽኑ ዘይክእሉ ሰባት ንሓደጋ ዩቲኣይ ናይ ምቅላዕ ዕድሎም ክፍ ይብል፡፡

ገለገለ ምልክታት ዩቲኣዩ ግልፂ ኣይኮኑን፡፡ ዝጨኑ ሽነቲ፣ ረሰኒ፣ ቁሪ፣ ልብኻ ዕግርግር ዝብል ስምዒት፣ ሕማምርእሲ፣ ዝተናወሓ ስፓዝም፣ ሽንቲ ናብ ኩሊት ምምላስ (ኤዲ)፡፡ ሽንት ክትሸይን ከለኻ ዘቃፅል ስምዒትን ኣብ ካባቢ ተሓተዋ ክፋል ከብድኻ ወይ ከኣ ታሓተዋይ ክፍል ሕቖካ ቃንዛ ክስማዓካ ይኽእል፡፡

### *ኣውቶኖሚክ ዲይሰር ፍሌክሳ (ኤዲ)*

ስንይናል ኮርድኻ ብብርኪቲር ዝተጎደአ እንድሕር ኮይኑ ቲ6 ሽው ንሽው ዲይስሪፍሌክሲያን ደምበዝሒ ሃንደበታዊ ሕክምና ክትገብር የግድደካ፡፡

### *ሴፕሲስ*




ሲፕሲስ – ምምራዝ ደም ወይከኣ ሲስተሚክ ዝኾነ ዘሳሕይ ግብረ መልሲ መከላኸሊ(ኤስኣይ ኣርኤስ) ተባሂሉ ዝፍለየኮይኑ ኣካላተና ብሰንኪ ኢንፌክሽን ምስተጠቀዐ ብጭዋዳታቱ ኣቢሉ ኣወትና ንሓደጋ ምስ ተሳጣሓ ዝህቦ ግብረ መልሲ እዩ፡፡ እዚ ኩነታት ነብስኻ ክትስሕት፣ ብርክት ዝበሉ ኣካላትካ ከብ ጥቕሚ ወፃእ ዝገብርን ብፍላይ ድማ ገናእናሃለወ እንድሕር ዘይተፈለጠ ንሞት ዘቃልዕ ሕማም እዩ፡፡ ነብሰም ዝለመሰ ውልቀሰባት ኮኣ ናይ ሽንቲ መማሓላፊ ኢንፌሽን - ዋላ ፀረባክቴሪያ መድሓኒት እናወሰዱ እናሃለው ንሴፕሲስ ናይምቅላህ ዕድሎም ክፍ ዝብለ እዩ፡፡ እቲ ኢንፌክሽን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ዘይወዓለ ምስኮነ ናብ መላእ ነብስኻ ከሰራጨው ይኽእል፡፡

ናይ ሴፕቲክ ሾክ ከቢድ ሴፕሲስ ኮይኑ ደም በዝሒ እናሃለወካ ንኣካልካ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ክገብሮ ይኽእል፡፡ ሴፕሲን ሴፕቲክ ሾክ ንሂወትና ናብ ሓደጋ ከቃልዑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ሕክምና ምስጀመርካ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሰዓት ኢታዊ እዩ፡፡

> *ብዛዕባ ሴፕሲስ ሓበሬታ ዝሓዘ ዋሌት ካርድ ካብ ክሪስቶፈር ዳና ሪቭ ፋውንዴሽን ይርከብ፡፡ ቅዳሓት እቲ ዋሌት ካርድ ሴፕሲስ ኦን ላይን ይርከብ ቀይከኣ ብላስቲኽ ተዓሽገ ናይ ውልቅኻ ቅዳሕ ብቁፅሪ* ***800-539-7309*** *ደዊልካ ክትሓትት ትኽእል፡፡*

## ሕማም ከይጋደድ ምክልኻል

ሓደኛ ናይ ማማሓለፊ ሸንቲ ሕማም ንምውጋድ ክትገብሮም ትኽእል ብርክት ዝበሉ ንገሪት ኣለው፡፡ ሸንቲ ንሸናሎም ኣካላትና ፅሬት ምሕላው ኣገዳሲ እዩ፡፡ ቅድሚ ካቴተር እንሕዘሉ እዋንን ብድሕሪኡ ኣእዳውና ምሕፃብን ተመሊሱ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ካቴተር ምፅራይን፡፡

ብዛግባኑ ክነቅፅ ምግባር ኣገዳሲ እዩ፡፡ እንሰሰዶ ፈሳሲ ምቕናስ ብምቅናስ ቀቀልጢፍና ከይንሸይን ይሕግዘና እዩ፡፡ ፈሳሲ ባክቴሪያ ካብ ውሸጢ ነብስና ሓፂብ ከውፅኦም ስለዝኽእል እዚ ኣለታዊ ፅቕጢ ክሕድ ይኽእል፡፡ ቀቀልጢፍና ብምሻን ፍሒኛና ሸንቲ ኣልቦ ምግባረ ባክቴሪያ ኣብ ስርዓት ሸንትና ከይራባሕ ይህግዘና እዩ፡፡ ካብ ገዛ ቅድሚ ምውፃእና ኣበይ ከምንሸይን ተሊምና ምንቅስቓስ በኤንፌክሽን ከይንጥቃዕ ስለ ዝሕግዘና ኣገዳሲ እዩ፡፡

ዝኾነ ኤስ ሲኣይ ዝነብር ሰብ ብውሕድ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ እማለኣ ምርመራ ሕክምና ምግባር ዝማዓድ ኮይኑ እዞ ሕክምና ዩሮሎጂክ ምርመራን ሬናል ሰካን ወይከኣ ኩሊታታት ይሰርሑ ምህላዎም ንምፍላጥ ኣልትራሳውንድ ምልዓል የድልዩ እዩ፡፡ እዚ ምርመራ (ኩሊት፣ ዩሬተራት፣ ፍሒኛ) ዝሓወሰ ኮይኑ ናይ ኩሊት ወይ ከኣናይ ፍሒኛ ፀፀር ምህላውን ዘይመህላው ንምፍላይ ኤክስሬይ ክላዓል ይግባእ፡፡ ብተመሳኺ ፍሒኛ ተግባሮም ከመይ ገይሮም ሸንቲ ከምዝሕዙን ከምዝሰዲ ንምፍላጥ ናይ ዩሮዳይናሚክስ መፅናዕቲ ምግባር የድልይ እዩ፡፡

*ነርስ ሊንዳ... ኩሎም ፈሰሰቲ ማፅረ ኮይኑም ኣይተፈጠሩን ትብል፡፡! ዝኾነ ኣብ ትሕቲ ፕሮግራም ክትትል ፍሒኛ ዝረከብ ሰብ ከልግዜ ብቑዕን «ፅሩይ» ፈሳሲ ብምወሳድ ባክቴሪያ ካብ ነብሱ ክውፁ ክገብር ኣለዎ፡፡ እቲ ሓሳብ ሸንትኻ ብዝተኸ ኣለ መጠን ኣሲድ ኮይኑ ክፀንሕ ምግባር እዩ፡፡ ምኽንያት ድማ ባክቴሪያ ኣሲድ ኣብ ዘለዎ ኩነታት ናብ ግድግዳ ፍሒኛ ለጊቡ ክፀንሕ ስለዘይክእል፡፡ እዚ ማለት ሽከር ዘለዎም ዓይነታት መስተ ምስታይን ክም ክራን ቤሪ ዝመሰሉ ፅሚቓት ዘይምስታይ ማለት እዩ፡፡ ኣራንሺ ምውሳድ ንጥዕና ፍሒኛ ዝፃባእ ሓደገኛ መስተ እዩ፡፡*

## ሓበሬታ

ብዛዕባ ክንክን ፍሒኛ ተወሳኛ ተወሳኺ ሓበሬታ እንደሊኻ ወይ ሕቶ ዘለካ እንተኾይኑ ካብ ሰኒ ክሳብ ዓርቢ ኩልሻብ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ሰዓት 9 ናይ ንጉሆ ክሳብ ሰዓት 5 ናይ ምሸት ብነፃ ናይ ስልኪ መስመር ናብ 800-539-7309 ብምድዋል ካብ ክኢላታት ሪቭ ፋውንድሽን ሓበሬታ ምሕታት ይከኣል፡፡

ሪቭ ፋውንዴሽን ካብ ዝእመን ፍልፍል ዝምንጭው ብዛዕባ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ ዝሕብሩ ዝርዝር ሓበሬታ በቢኣርእስቱ ዝሓዘ ወረቐት ኣላዎ፡፡ ብተወሳኺ ነቲ ናይና ናብ ጥዑይ ሂዎት ንምምላስ ዝሕግዙናን ካብ መንግስታዊ ፍልፍላት ሓበሬታት ክሳብ ካልኤ ብርኪ ፀገማት ሕማም ምልማስ ነብሲ ኣብ ትሕቲ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ኣርእስትታት ንህዝቢ ዝተሰነዩ ሓበሬታታት ፈትሽ፡፡

ስዒቡ ድማ ብዛዕባ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ ኣካሎም ዝለመሰ ሰባት ገለገለ ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ዝእመን ፍልፍል ዝተቐድሱ ቀልቦምለካ ኣለው፡፡

**ጉዳኣት ስፓይናል ኮርድን ኣታሓሕዛ ፍሒኛን**
(ካብ ዩንቨርሲቲ ኦፍ ዋሽንግንተን ክፍሊ ትምህርቲ ሕክምና)
*http://rehab.washington.edu/patientcare/patientinfo/articles/sci_bladder.asp*

**ገጽ ፍልፍል ሓበሬታ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ**
(ከብ ዩናይትድ መሓበር ዓፅሚ ዓንዲ ሕቖ)
*www.spinalcord.org/resource-center/askus/index.php?pg=kb.page&id=249*

**ክንክን ፍሒኛ**
(ሽፐርድ ሴንተር)
*www.myshepherdconnection.org/sci/bladder-care*

**ድሕር ጉድኣት ስፓይናል ኮርድ ኣታሓሕዛ ፍሒኛ ክትፈልጦ ዘለካ**
(ካብ ዝለመሱን ጡረታ ዝወፁ ወታሓደራት ኣሜሪካ)
*www.pva.org/atf/cf/%7BCA2A0FFB-6859-4BC1-BC96-6B57F57F0391%7D/Consumer_Guide_Bladder_071410.pdf*

**ጉድኣት ስፖይናል ኮርድን ኢንኮንቲነንስ**
(ካብ ብሔራዊ ማሕበር ንኮንቲነንስ)
*www.nafc.org/spinal-cord*

**ሓበሬታ ጉድኣት ስፓይናል ኮርድ**
*www.uab.edu/medicine/sci*

# መዘኻከሪ

CHRISTOPHER & DANA REEVE FOUNDATION

TODAY'S CARE. TOMORROW'S CURE.®

Hollister®

## ክንሕግዝ ቁሩብት ኢና።.

ሎሚ ዝሓፀ ትምህርቲ ውሰድ!

## ትካል ክስቶፈር ዳና ሪቭ


636 ሞሪስ ተርንፓይክ ስዊት 3 ኤ
ሾርጽት ሂልስ ኤን ጀ 07078
(800) 539-7309 ነፃ ስልኪ
(973) 467-8270 ስልኪ ቁ
ChristopherReeve.org



እዚ ፕሮጀክት ብክፋል ብመሰረት ቁፅሪ ሓገዝ ገንዘብ ምፒ ኣር 3002 ካብ ዩኤስ ሓገዝ ይረከብ እዩ። ምምሕዳር ተቐማጦ፣ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎት፣ ዋሽንግተን ዲሲ 20201።



ውፅኢት ምርምርን መደምደምታ ሓሳባት ብነፃ ንምግላፅ ብመንግስቲ ገንዘብ ዝካየዱ ፕሮጅክታት ስለዝኾነ ኣራኣእያታት ወይካኣ ሓሳባት ናይ ግንድን ቅዋም ፖሊሲ ምምሕዳር ነበርቲ ዝውክሉ ኣይኮኑን።ኣራእያታት ወይ ከኣ ሓሳባት ናይ ግድን ነቲ ዕላዊ ዝኾነ ምምሕዳር ፖሊሲ መነባብሮ ሕ/ሰብ ይውክሉ ማለት ኣይኮነን።